
## ነብሰ ጾር እንተ ድኣ ኮይነ እንታይ ክገብር ይግባኒ?

- ኣብ ግዜ ጥንሰ'ኪ ብሓኪምን ብመዋለዲትን ኣድላይ ኪንክን ንኽትረ'ኽቢ መሰልኪዩ። ኣብ ግዜ ጥንስን ኣብ ግዜ ሕርስን ንዝግበረልኪ ምክትታል ጥዕናኽን ጥዕና ናይቲ ዕሸልን ዝሰንደሉ መጽሓፍ (Mutterpass) ይወሃበኪ። እዚ መጽሓፍዚ (Mutterpass) ኩሉ ጊዜ ምሳ'ኺ ክትሕዝዮ ኣሎኪ። ቤቲ/ታ ናትኪ ናይ ሶሻል ተጸዋዒ/ት ንኑብሰጾር ከዳን መግዝኢ ዝኸውን ገንዘብ ይወሃበኪ።
- እቲ/ታ ናትኪ ናይ ሶሻል ተጸዋዒ/ት ንመሐከሚ ዝኸውን ኣድለይቲ ወረቓቕቲ ዝሃበኪ ንእንዳ ሓኪም (Frauenarzt/arztin) ትህብዮም።
- ኣብ መበል 30 ሰሙን ናይ ጥንሰ'ኺ ኣብቲ ክትሓርስሉ እትደልዮ ሆስፒታል ከድኪ ክትምዝገቢ ኣሎኪ።
- እቲ/ታ ናትኪ ናይ ሶሻል ተጸዋዒ/ት ንቲ ዝውለድ ዕሸል ዘድሊ ነገራትን ከዳውንትን መግዝኢ ዝኸውን ገንዘብ ይህበኪ።
- ሕርሰ'ኺ ምስ ተቓረበ ኣብ ሆስፒታል ምስ ኣቶ'ኺ ዘድልዩ'ኺ ነገራት ኣብ ሻንጣ ክትጥርንፊ ይግባእ። ፒጃማ፣ መርሃጫ (መታንቲ፣ካናቴራ)፣ ሽበጥ፣ ሽጎማኖ፣ መተሓጻጸቢ፣(ንስኒ፣ጸጉሪ፣ሰውነት. .) ከምኡውን እትወስድዮ መድሃኒት እንተኣልዩኪ ክትጥርንፍዮ ይግባእ።
- እቲ እትወልድሉ መዓልቲ ነእቲ/ታ ናትኪ ናይ ሶሻል ተጸዋዒ/ት ኣቐዲምኪ ምስ እትሕብሪ ንሆስፒታል ዘብጽሓኪ ታክሲ ክእዘዘልኪ ይኽእል።
- ቅልውላው ምስ ጀመረኪ ቀልጢፍኪ ናብ ዝተመዝገብክሉ ሆስፒታል ምኻድ፣ እቲ ዝጠርነፍክዮ ሻንጣ ከይርሳዕ ጥንቃቐ የድሊ!
- ኣብ ሆስፒታል ገለ ካብ በጺሕት'ኺ ተላጋቢ ሕማም (MSRA) እንተ ሃሊዎም መከላኸሊ ተባሂሉ ኣብ ሆስፒታል ዝቐረብ ከዳን ክለብሱ ይግባእ።
- እቲ ዕሸል ምስ ተወልደ ኣብ ሆስፒታል ሓኪም ዝገብረሉ ናይ መጀመርያ መርመራ ኡ1 (U1) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ዝተ'ኻየደ መርመራ ኣብ መሰነዲ መጽሓፍ „Unterzuchungsheft“ ይጽሓፍ። እቲ ሕርሲ ካብ ሆስፒታል ወጻኢ ምስዝፍጸን ግን ፣ እቲ ናይ መጀመርያ መርመራ ኡ1 (U1) ኣብ እትነብርሉ ቦታ ኣብ ሓኪም ናይ ህጻናት (Kinderarzt) ይኸውን። ኣብዚ መሰነዲ መጽሓፍ „Unterzuchungsheft“ ካብ ኡ1 - ኡ9 ማለት U1-U9 ይሰንድ። እቲ ህጻን ምስተወልደ ኣብ መበል 4ይ ሰምኑ ናብ ሓኪም ናይ ህጻናት (Kinderarzt) ብምኻድ ኡ2ን (U2) እቲ ኹሉ ቀጻሊ መርመራታት ክሳብ ኡ9 ማለትዩ ይግበረሉ።

- እቲ ዝተወልደ ህጻን ኣብ ምምሕዳር ከተማን (Standsamt) ኣብ ማይን ታውኑስ ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈትን (Main-Taunus-Kreis Ausländerbehörde) ክምዝገብ ኣለዎ፣ ብዛዕባ ምዝገባ ትውልዲ ተወከሲ (Anzeige der Geburt) ። ንዘይተመርዓው መጻምዲ ናይ ኣቦነት መረጋገጺ (Vaterschaftsanerkennung) ኣብ ዩጉንድኣምት (Main-Taunus-Kreis Jugendamt) ከረጋግጹ ኣለዎም። እቲ ህጻን ንኽምዝገብ ናይ ወለዲ ኦሪጂናል ናይ ዕለተ ልደት ምስክር ካብቲ ዝተወለድሉ ሃገር የድልዮም ፣ ብዝተ'ኻእለ ብጀርመን ይተርጎም።
- ድሕሪ ምውላድ ኣብ 6 ሰሙናት ናብ ሓኪምኪ (Frauenarzt/arztin) ብምኻድ ክትምርመሪ ኣሎኪ።



**Schwangerenberatungsstellen**
**im Main-Taunus-Kreis**

Caritasverband für den
Bereich Main-Taunus e.V.
Vincenzstr. 29
65719 Hofheim a.Ts.
Tel.: 06192 293 419
06192 293 437

Diakonisches Werk
Main-Taunus

Wilhelmstr. 19
65719 Hofheim a.Ts.
Tel.: 06192 2006486

Ostring 17
65824 Schwalbach
Tel.: 06196 5035-0

Éditeur:

Main Taunus-Kreis
Der Kreisausschuss
Büro Familie, Frauen und Integration
Am Kreishaus 1-5
65719 Hofheim

Stand: September 2016

# ነብሰ ጾር እንተ ድኣ ኮይነ እንታይ ክገብር ይግባኒ?




Bild: ©VRD@Fotolia.de

main-taunus-kreis